**ገለጻ ዕቃበ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ፈተና ኖርወየኛ፡ ፈተና ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ( samfunnskunnskapsprøven) ወይ ድማ ፈተና ዜግነት(statsborgerprøven) ዝውሰደሉ እዋን።**

# 1. ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ፈተና ኖርወየኛ፡ ፈተና ኣፍልጦ ሕበረተ-ሰብ ወይ ድማ ፈተና ዜግነት ትፍተነሉ እዋን

ፈተና ኖርወየኛ፡ፈተና ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ወይ ፈተና ዜግነት ንምውሳድ ክትምዝገብ ከለኻ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንሕዞ ኢና። እቲ ንሕዞ ውልቃዊ ሓበሬታ እንታይ ከምዝኾነ፡ ነቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ንሕዘሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ፡ ከምኡውን ንኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምልከት ዘለካ መሰላት ኣብ ታሕቲ ሓበሬታ ኣሎ።

Direktoratet for høyere utdanning og kompetanse (HK-dir/ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን ብቕዓትን) እዩ ሓበሬታ ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ዝስከም። እዚ ማለት ኣብ ቤት-ጽሕፈት HK-dir ውልቃዊ ሓበሬታኻ ብኸመይ ከምዝተሓዝ ሓላፍነት ዝስከመሉ ኣካል ቤት-ጽሕፈት HK-dir እዩ።

# 2. ንምንታይ ኢና ናትካ ውልቃዊ ሓበሬታ ንሕዞ፧

ዕላማና ንምውቃዕ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ዕማማት ንምዕማም ኢና ውልቃዊ ሓበሬታኻ፡ከምኡውን ተኣፋፊ ውልቃዊ ሓበሬታ ንሕዞ። ዕላማና ንወጻእተኛታት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኖርወይ ንኽሳተፉ ዘብቅዖም ኣፍልጦን ብቕዓትን ከምዝረኽቡ ምግባር፡ ከምኡውን ዘለዎም ኣፍልጦ ኖርወየኛን ሕብረተ-ሰብን ንኽረጋግጹ ፈተናታት ምፍታንን እዩ።

ከምዚ ክንገብር ከለና ብመሰረት ሕጊ GDPR ሕጡበ-ጽሑፍ 6 ቁጽሪ 1e)፡ ከምኡውን ሕጊ ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 41(1) b) ወይ/ድማ c)፡ ከም ተወሳኺ ሕጋጋት ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 54 እዩ ። ተኣፋፊ ውልቃዊ ሓበሬታ ክተሓዝ ከሎ መሰረት ዘንጽፍ ሕጊ GDPR ሕጡበ-ጽሑፍ 9 ቁጽሪ 2 ፊደል g)ን ሕጊ ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 4፻ (1) b) ወይ/ድማ c)ን እዩ። ስለዚ ፈተና ክትፍተን ከለኻ ከምቲ ኣብ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክንሕዞ ብሕጊ ዝተወሰነ ግቡእን መሰልን ኣለና። ።

ነዞም ዝስዕቡ ዕማማት ንምዕማም ኢና ውልቃዊ ሓበሬታኻ ነምጽኦን ንጥቀመሉን:

- ፈተና ኖርወየኛ፡ፈተና ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ወይ ድማ ፈተና ዜግነት ብቕዓቱ ንምሕላውን ነቲ ፈተና ንምፍጻምን።
- ኣብ መፈተኒ ቦታ እቶም ፈተናታት ክመሓደሩ
- መሰል ጥርዓን ዘለዎም ውሳኔታት ጥርዓንካ ከተስመዓሎም ዘለካ መሰል ንኽሕለወልካ
- ስታቲስክስ
- መጽናዕትን ጽዱይ መርመራን

ብመሰረት ሕጊ ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 4፲ ሕጋጋት ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 64ን ፈተናታት ምንባብን ምስማዕን ኖርወየኛ፡ ፈተና ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብን ፈተና ዜግነትን ክእረም ከሎ ማሺናዊ ውሳኔታት ኢና ንጥቀም።

እተን ሰለስተ ፈተናታት ቅኑዕ መልሲ ምረጽ ዝብል ሕቶታት ዝሓዘላ እየን፡ ካብቶም ኣማራጺታት ድማ ሓደ መልሲ ጥራሕ እዩ ቅኑዕ። ፈተና ንምሕላፍ ክንደይ ቅኑዕ መልስታት ከተምጽእ ከምዘለካን ኣየኖት መልስታት ቅኑዓት ከምዝኾኑን ኣቐዲሙ ኣብ ሲስተም ፈተና ዝተወሰነን ብፕሮግራመሪንግ ዝተቐየደን እዩ። ተፈታኒ ዘመዝግቦ ናይ መወዳእታ ውጽኢት ኣብ ቅኑዕ መልስታት ዝተሞርኮሰ ውህሉል ነጥብታት ጥራሕ ኮይኑ ነፍስ ወከፍ ቅኑዕ መልሲ ሓደ ነጥቢ እዩ ዝቑጸር።

ጽሑፋውን ኣፋውን ፈተናታት ኖርወየኛ ብማሺን ኣይኮኑን ዝእረሙ፡ ምኽንያቱ እዞም ከምዚ ዓይነት ፈተናታት ብሰባት ማለት ብኣፈተንትን ኣመርመርትን እዮም ዝእረሙ።

ብማሺን ዝውሰኑ ውሳኔታት ቤት-ጽሕፈት HK-dir ባዕሉ ብሰብ ክርእዮን ክከታተሎን ይኽእል እዩ። እንተደኣ ተክኒካዊ ጸገም ኣጋጢሙ ወይ ካልእ ኌጋታት ተኌሩ ዝብል ጥርጣረ ኣሕዲርና ቤት-ጽሕፈት HK-dir ንሲስተም ፈተናን ኣድላዪ እንተኾይኑ ውን ንውጽኢት ፈተናን መሊሱ ባዕሉ ክርእዮ ይኽእል እዩ።

# 3. እዚ ውልቃዊ ሓበሬታ ካበይ ኢና ነምጽኦ፧

ውልቃዊ ሓበሬታ ካባኻን ካብ ካልኦት ሰበ-ስልጣን ኢና ነውጽኦ። እቶም ሰበ-ስልጣን ከም ኣብነት እዞም እዞም ዝስዕቡ እዮም :

- Integrerings- og mangfoldsdirektoratet (IMDi)
- Kommunene/prøvestedene
- Statsforvalteren (ጥርዓን ናይ መወዳእታ ግዜ ዝረኣየሉ ትካል)
- Utlendingsdirektoratet (UDI)

- Kunnskapsdepartementet
- Folkeregisteret

# 4. ብዛዕባኹ ንሕዞ ውልቃዊ ሓበሬታ እንታይ ዓይነት እዩ፧

እቲ ብዛዕባኹ ንእክቦን ንሕዞን ውልቃዊ ሓበሬታ:

- ስም
- ኣድራሻ
- ቁጽሪ ተለፎን
- ኢመይል
- ዕለተ ልደት
- 11ኣሃዛት ትውልዲ
- ቁጽሪ-DUF
- D-ቁጽሪ
- ቁጽሪ ፓስፖርት
- ቁጽሪ ተፈታኒ
- ጾታ
- መልስታት ፈተና
- ውጽኢት ፈተና
- ዓይነት ፈተና
- ፈተና ዝተፈተንካሉ ግዜ
- ዓይነት ቋንቋ/በየናይ ቋንቋ ትፍተን ከምዘለኻ
- መፈተኒ ቦታ
- ጥርዓን
- ካብ ንቡር ኩነታት ዝፍለ ነገር ምስ ዝህሉ
- ምቕዳሕ

ቅድሚ 15 የካቲት 2022 በዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ዝተመዝገቡ ተፈተንቲ ውን ውልቃዊ ሓበሬቶኦም ንሕዞ ኢና:

- መበቆል ሃገር*
- ቋንቋ ኣደ*

*እዞም ምድባት ውልቃዊ ሓበሬታ ከም ተኣፋፊ ውልቃዊ ሓበሬታ እዮም ዝቑጸሩ

# 5. ንካልኦት ውልቃዊ ሓበሬታ ምሃብ

ቤት-ጽሕፈት HK-dir ክሳብ ሓበሬታ ንካልኦት ዘውህብ ሕጋዊ መሰረት ዘይሃለወ ንካልኦት ናትካ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣይህብን እዩ። እዚ ሕጋዊ መሰረት እንተደኣ ሃልዩ ንብሎ ዘለና ከም ኣብነት ሕጊ እቲ ሓበሬታ ከነውጽኦ እንተደኣ ኣገዲዱና ማለት እዩ።

እቶም 11ኣሃዛት ትውልዲ ቁጽሪ ዘለዎም ውጽኢታት ፈተናን ምስኡ ዝተተሓሓዘ ውልቃዊ ሓበሬትኦምን ብመገዲ **Vitnemålsportalen** ክንገሮም እዩ።

ከም ኣብነት ቤት-ጽሕፈት HK-dir ነዞም ዝስዕቡ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክህቦም ሕጋዊ መሰረት ኣለዎ:

- Integrerings- og mangfoldsdirektoratet (IMDi)
- Kommunene/prøvestedene
- Statsforvalteren (ጥርዓን ናይ መወዳእታ ግዜ ዝረኣየሉ ትካል)
- Statistisk sentralbyrå
- Utlendingsdirektoratet (UDI)
- Arbeids- og inkluderingsdepartementet
- Høyere utdanningsinstitusjoner
- Sikt

ቤት-ጽሕፈት HK-dir ንዓኻ ወኪሉ ሓበሬታ ክእከብ፡ክዕቅብ ወይ ብካልእ መገዲ ክሕዝ ከሎ ዝጥቀመሎም ተሓዝቲ ሓበሬታ ኣለዉ። ስለዚ ሓበሬታ ክተሓዝ ከሎ ኣብ ነፍስ ወከፍ መድረኽ ውሕስነት ሓበሬታ ንምዕቃብ ዝተወዓዓልናዮም ውዕላት ኣለዉ። ኣብዚ እዋን እዚ ንጥቀመሉ ዘለና ትካል ተሓዝቲ ሓበሬታ እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- Enovate AS

ብምሉኡ ንሕዞ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ መሬት ኤውሮፓዊ ሕብረት ወይ ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ እዩ ዝካየድ።

## 6. ዝዕቀበሉ ግዜ

ኣብ ሕጊ ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 41ቀዳማይ ሓረግ ሰፈሮም ዘለዉ ዕላማታት ንምምላእ ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነ ኢና ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንሕዞ። ሕጋጋት ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ብመሰረት ሕጋጋት ምውህሃድ ሕብረተሰብ § 60 ብዝወሰኖ መሰረት ሓደ ተፈታኒ ካብቲ ፈተና ዝወሰደሉ ግዜ እቲ ሓበሬታ ክሳብ 20 ዓመታት ተዓቂቡ ክጸንሕ ይኽእል እዩ ይብል። ስለዚ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክሳብ 20 ዓመታት ኢና ክንዕቅቦ ንኽእል። ድሕሪ እዚ ግዜ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክድምሰስ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ንዝሓጸረ ግዜ ተዓቂቡ ይጸንሕ:

- ኣድራሻ ን 2 ዓመታት ተዓቂቡ ይጸንሕ
- ኣብ ከፊላዊ ፈተና ኣንቢብካ ምርዳእን ኣብ ደረጃ C1 ዝካየድ ኣፋዊ ዝርርብን ዝቐዳሕ ድምጺ ን1 ዓመት እዩ ዝዕቀብ
- ሓበሬታ ኩነታት ክፍሊት ን 3 ዓመታት ይዕቀብ
- ግዝያውን ናይ መወዳእታን ጉዳይ ምቕዳሕ ን 3 ዓመታት እዩ ዝዕቀብ

## 7. ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክንሕዞ ከለና ዘለካ መሰላት

እቲ ንሕዞ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክትርእዮ ወይ ድማ ክትእርሞ ክትሓትት መሰልካ እዩ። ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ውን ኣተሓሕዛ ሓበሬታ ደረት ይገበረሉ ክትብልን ነቲ ኣተሓሕዛ ሓበሬታ ነቐፌታ ከተቕርበሉን መሰል ኣለካ። **ኣብ ወብሳይት** Datailsynet ብምእታው ብዛዕባ ትሕዝቶ እዞም መሰላት ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ:

መሰላትካ ክትጥቀመሎም እንተደኣ ኾይንካ ናብዚ ኢመይል ክትሰደልና ኣለካ **proveadministrasjon@hkdir.no**. ብዝተኻእለና መጠን ብዝቐልጠፈ ክንምልሰልካ ኢና፡ ዶንግዩ ተባሂሉ ግን ካብ 30 መዓልታት ኣይሓልፍን እዩ።

ቅድሚ ሕቶኻ ምምላስና መንነትካ ከተረጋግጸልና ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትህበና ክንሓተካ ንኽእል ኢና። ከምኡ ንገብረሉ ምኽንያት ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንዓኻ ነርእየካ ከምዘለና ንኽነረጋግጽ እዩ- ማለት ካልኦት ንዓኻ ተመሲሎም እቲ ሓበሬታ ክርእዩዎ ይሓቱ ንኽይህልዉ ንምሕላው እዩ።

## 8.ኣማኻሪ ጉዳያት ውልቃዊ ሓበሬታ(Personvernombud)

ቤት-ጽሕፈት HK-dir ናይ ገዛእ ርእሱ ኣማኻሪ ዕቃበ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣለዎ። ኣማኻሪ ጉዳያት ውልቃዊ ሓበሬታ ሽሙ **Torgeir Hovden** እዩ: በዚ ዝስዕብ personvernombud@hkdir.no ኢመይል ድማ ክትውከሱዎ ትኽእሉ።

## 9. ጥርዓናት

ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ምስዚ ኣብዚ ገሊጽናዮ ዘለና ተዛማዲ ኣይኮነን ትብል እንተኾይንካ ወይ ድማ ብካልእ መገድታት ሕጊ ዕቃበ ውልቃዊ ሓበሬታ ንጥሕሶ ኣለና ትብል እንተደኣ ኮይንካ ጥርዓንካ ናብ Datatilsynet ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ **ወብሳይታት Datatilsynet** ንDatatilsynet ከመይ ጌርካ ክትውከሶም ከምትኽእል ሓበሬታ ኣሎ:

## 10. ምቅይያራት

ኣብ ኣገልግሎታትና ወይ ሕግታት ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝኾነ ምቅይያራት እንተደኣ መጺኡ እቲ ኣብዚ ቐረቡ ዘሎ ሓበሬታ ክቕየር ይኽእል እዩ። እዚ ገለጻ ዕቃበ ውልቃዊ ሓበሬታ ተሓዲሱ ኣብ ወብሳይትና ክወጽእ ኣዩ።

## 11. መራኸቢ ሓበሬታ

መራኸቢ ሓበሬታ Direktoratet for høyere utdanning og kompetanse እዚ ዝስዕብ እዩ:

ኣድራሻ: Fortunen 1, 5013 Bergen
ኢመይል: **post@hkdir.no**
ተለፎን: 55 30 38 00
ቁጽሪ ትካል: 974788985

ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ናብዚ ኢመይል ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ፡ **proveadministrasjon@hkdir.no**